# ንዓኺ መዓልታዊ ሓገዝ ካብ ዘቤታዊ ኣገልግሎት (hemtjänst) ዘለካ

ብዓል መዚ ህዝባዊ ጥዕና፡ ንዓኺ ዕድሜኺ 65 ዓመትን ልዕሊኡን ዝኾንካን ካብ ዘቤታዊ ኣገልግሎት ወይ ንዕኡ ዝመሳሰል ውልቃዊ ክንክን ዘድልየካን፡ ኣብዚ ጽድያ ክታበት ጸረ ኮቪድ-19 ክትክተብ ይመኽረካ። እዚ ኣብ ሆስፒታል ክንክን ንኸየድልየካ ነቲ ሓደጋ ንምንካይ እዩ።

## ኣብ ዓመት ክልተ ግዜ ተኸተብ

ኩሎም ዕድሚኦም 65 ዓመትን ልዕሊኡን ዝኾኑን፡ ካብ ዘቤታዊ ኣገልግሎት ውልቃዊ ክንክን ዘድልዮምን ሰባት፡ ኣብ ጽድያን ቀውዕን ኣብ ዓመት ክልተ ግዜ ጸረ ኮቪድ-19 ክኽተቡ ይምከሩ። ንስኻ መዓልታዊ ሓገዝ ንውልቃዊ ክንክን ዘድልየካ፡ ኮቪድ-19 ምስ ዝሕዘካ፡ ምስ ካልኦት ክነጻጸር ከሎ ኣብ ሆስፒታል ንኽትኣቱ ዘሎ ስግኣት ዝለዓለ እዩ። እዚ ንምንታይ ኣብ ቤትካ ሓገዝ ከም ዘድልየካ ብዘየገድስ ይምልከተካ እዩ።

እዚ ምኽሪ ንኹሎም ዕድሚኦም 80 ዓመትን ልዕሊኡን ዝኾኑ እውን ይምልከቶም እዩ።

## ዝተኸተብካን ኮቪድ-19 ሒዙካ እንተ ነይሩን፡ መከላኸሊ ኣለካ።

ኣብ ዝሓለፈ ቀውዒ ዝተኸተብካን ከምኡ'ውን ድሕሪ 1 ጥቅምቲ ኮቪድ-19 ሒዙካ ዝነበረን፡ ኣብ ጽድያን ክረምትን ጽቡቕ መከላኸሊ ክህልወካ ንኽኽእል ትጽቢት ክትገብር ትኽእል ኢኻ። ኣብ ጽድያ መመላእታ ሓድሽ ክታበት ኣየድልየካን እዩ። ኣብ ክንድኡ እቲ ክታበትካ ኣብ ዝመጽእ ቀውዒ ክትክተቦ ትኽእል ኢኻ።